ኩሎም መንግስታዊን ማሕበረሰብኣዊን ድርጅታት ዝህብዎ ኣገልግሎት ብኽምዚ ዝስዕብ ክኸውን ኣለዎ፥

- ወዲ ገዛ ኾይኑ ንኽስማዓካ ይገብሩኻ
- ብኣኽብሮት ይሕዙኻ
- ምስ ኵሉ ሰብ ብማዕርነት የተኣናግዱኻ
- ብዛዕባ እተፈላለየ ባህልታት ክትፍልጥ ይገብሩኻ
- መሰላትካ ንኽትርዳእ ይሕግዙኻ ።

ብዛዕባ ኣገልግሎት ወሃብቲ ቅሬታ ኸተቕርብ ትኽእል ኢኻ።

## ናይ ኒው ሳውዝ ዌልስ ኦምቡድስማን (ተሓላቒ ፍትሒ)

ኣብ ኒው ሳውዝ ዌልስ ንዘሎ ኹሉ ሰብ ክንሕግዝ ኢና ኣብዚ ዘለና።
ኵሉ ሰብ ፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ኺግበረሉ ኢና ንደሊ።
ኣገልግሎትና ብናጻ እዩ።

## ምሳና ንኽትራኸብ

በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ደውል 02 9286 1000

ብዘይ ክፍሊት ብ1800 451 524
ካብ ኸተማ ሲድኒ ወጻኢ
- ናይ ሞባይል ኽፍሊት ከኽፍለካ ይኽእል እዩ።

nswombo@ombo.nsw.gov.au

ሃገራዊ ኣሰጋጋሪ ኣገልግሎት 133 677

ኣስተርጓሚ ምስዘድልየካ
ትወሰዶ ስጉምቲታት 1፡ ናብ ቲስ (TIS) ብ131 450 ደውል
>ስጉምቲ 2፡ ንናይ ኒው ሳውዝ ዌልስ ተሓላቕ ፍትሒ
ክትዛረብ ሕተት - 9286 1000

www.ombo.nsw.gov.au

ISBN: 978-1-925885-80-4

Tigrinya | ትግርኛ

Ombudsman
New South Wales



# ኣብ ናይ ኒው ሳውዝ ዌልስ ናይ መንግስቲ ኣገልግሎት ወይ ኣብ ናይ ማሕበረሰብኣዊኣገልግሎት ወሃብቲ ጸገም ኣሎካዶ?

# ቅሬታ ኸተቅርብ ፈቲንካ ትኸውን። ግና ኣይሓገዘካን።



## ብዘይፍትሓዊ መገዲ ዝተትሓዝካ (ዝተርኣኻ) ይመስለካ ዶ?

**ሓገዝ ክትረክብ ፈቲንካ እኳ እንተ ኾንካ፣ ግና ፡-**

- ነቲ ጸገም ፍታሕ ኣይረኸብካሉን
- ዝያዳ ሓበሬታ ኣይረኸብካን
- ብዛዕባ መሰላትካ ክትፈልጥ ኣይከኣልካን።

**ሰራሕተኛታት ኣይሓገዙኻን፣ ወይ**

- ዘይእሩማት እዮም ነይሮም ስለዝኾነ ኣየኽበሩኻን
- ብቛንቋኻ ሓበሬታ ኣይነበሮምን
- ኣስተርጓሚ ኣይነበሮምን።

## ናይ ኒው ሳውዝ ዌልስ ተሓላቒ ፍትሒ ክሕግዘካ ይኽእል ይኸውን።

**ብኸምዚ ዝስዕብ ክንሕግዘካ ንኽእል ኢና ፡-**

- ናብቲ ኣገልግሎት ወሃቢ ደብዳበ ብምልኣኽ
- ክትረኽቦ ዝግባኣካ ሰብ ብምርኻብ
- ካብቲ ዘቕረብካዮ ቅሬታ ትጽበዮ ዉጽኢት ብምግላጽ

**ከምዚ ዝስዕብ ንገብር ንኸውን ፡-**

- ብዛዕባ እቲ ጸገም ዘሎካ ዝኾነ ይኹን ወረቐት ክተምጽኣልና ክንሓተካ ንኽእል ኢና፣ ንኣብነት ናብ ኣገልግሎት ወሃቢዝጸሓፍካዮ ደብዳበታት ወይ እቲ ኣገልግሎት ወሃቢ ዝጸሓፈልካ ደብዳበታት
- ምስቲ ምሳኻ ጸገም ዘለዎ ኣገልግሎት ወሃቢ ንዘራረብ
- ንኻልኦት ንዝሓገዙኻ ሰባት ነዘራርብ ።

ካልኦት ሰባት እውን ከም ናትካ ጸገም ክህልዎም ስለዝኽእል ንኹሉ ሰብ ዝሓሸ ኣገልግሎት ንምሃብ ምስ ኣገልግሎት ወሃብቲ ንሰርሕ ።